# 20 ሰነ መልዓቲ ሰማእታት ኤርትራ
# ኣብ ከተማ ሙንሽን ግላድባኽ ብኽብሪ ተዘኪሩ

ኤርትራያን ተቐማጦ ከተማ ሙንሽን ግላድባኽ ብዕለት 20.06.2012 ዓ.ም. ከምቲ ልሙድ ኣገባብ ነቶም ኣብ ክንዲ ህዝቢ ኤርትራ በኞ ሓሊፎም ናጽነትን ክብረትን ፍትሕን ዘልበሱ ሰማእታት ኤርትራ ብኽብሪ ዘኪርዎ። ኣደ መንበር ማ/ኮም ሙንሽን ግላድባኽ ከባቢኣን ወ/ሮ የርሳሌም ኣድሓኖም መደብ ብዝኽሪ ሰማእታት ብድሕሪ ምኽፋት ፣ ነቲ መዓልቱ ዝምልከት ረዚን መልእኽቲ ኣተሓላፊት። መንእሰይ ፍረወይኒ ሃብተኣብ ድማ "መዘክር ስሉም ቆልዓ" ዘርእስታ ብዛዕባ ሰራሒት ቅያ ቆራጽ ተጋዳሊት ኣደ ፣ ዕሽል ኣብ ማሕጸና ከሎ፡ ካብ ብጾታ ንኸይትፍለ፡ ኣብ ድፋዕ መስዋእቲ ብድሕሪ ምኽፋል፡ ሓድጋ "መዘክር " ብመጥባሕቲ ድሒኑ ብህይወቱ ይነብር ከምዘሎን ትገልጽ ፣ ሓቀኛ ታሪኽ ኣቕረበት። ስዒቡ መደብ ምብራህ ሽምዓ ብሕጻናትን መንእሰያት ጀሚሩ ብዓበይቲ ኣብ ዝቐጸለሉ ፣ ተሳተፍቲ መደብ ኣዕሚቖም ብምዝካርን ምስትንታንን ምስ ሰማእታቶም ቃልኪዳን ዘሕድሱሉ ስነስርዓት ካብ ሰዓት 15.30 ክሳብ ሰዓት 18.30 ኣካይዶም።

ኤርትራያን ተቐማጦ ከተማ ሙንሽን ግላድባኽ ከባቢኣን ቅድሚ ናጽነት ሃገር ኣብ ጎኒ ሰውራ ኤርትራ ኮይኖም ግቡኦም ዝፍጽሙ ዝነበሩ፡ ብድሕሪ ናጽነት'ውን ከይተሓለሉ ኣብ ጎኒ ህዝብን መንግስቲ ኤርትራ ኮይኖም ኣንጻር ዝመጸ ተጻብኦታት ብምምካትን ኣብ ቑጠባን ጉልበትን ምብርካት ከይተሓጽሩ ፣ ኣብ ምእላይ ስድራቤት ስዉኣት እጃሞም ዘበርከቱ ዘለዉ፤ ኣብ ጽንኩር እዋናት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝእለም ተጻብኦታት ንምፍሻል መኸትኦም ብምሕያልን ኣብ ዝተፋላየ ከተማት ጀርመንን ኤውሮጳን ኣብ ዝተኻየደ ሃገራዊ ፕሮጀክትታትን ሰላማዊ ሰልፍታት ብምስታፍ ግቡ ኦም ዝፍጽሙ ዘለዉ ኣብነታውያን ዜጋታት እዮም።

ዘለኣለዊ ዝኽሪን ክብሪን ንሰውኣትና
ዓወት ንሓፋሽ!!

ማ/ኮም ሙንሽን ግላድባኽ ከባቢኣን